# ኣነ ዓሌተኛ ኣይኮንኩን፡ ግን....



መምርሒ
ንተኻረይቲ

NCPE

## ኣብ ማልታ ኣድልዎ ቐረብ መንበሪ ገዛ ኣጓኒፍዎም ይፈልጥዶ?

ብሕጊ ማልታ ኣብ ስርዓት ማዕሪ ተጠቓሚነት ሰባት ኣብ ዘርኢን ዓሌትን

ዝተመርኮሰ ኣፈላላይ ምግባር ዘይሕጋዊ ከምዝኾነ ይፈልጡዶ?

## መሰላትኩም ፍለጡ!!



## ኣፈላላይ እንታይ እዩ?

ኣፈላላይ ዝገብር ተግባር ዘጋጥም ከም ጾታ፣ መንነት ስርዓተ ጾታ፣ ዘርኢ፣ ዓሌት፣ ዕድመ፣ ስንኩልነት፣ ሃይማኖት ወይ ስነ ጾታዊ ዝንባለ ኣብ ዝኣምሰሉ ባህርያት መሰረት ብምግባር ሓደ ሰብ ወይ ጉጅለ ካብ ኻልኦት ሰባት ዝተፈለየ ኣተሓሕዛ ወይ ሌላን ጉሌላን ክግበር ከሎ እዩ፡፡

ኣብ ቐረብ ገዛ ዝግበር ኣፈላላይ ሓደ ውልቀ ሰብ ወይ ድማ ጉጅለ ገዛ ናይ ምዕዳግ ወይ ምክራይ መሰሎም ኣብ ዘርኦም ወይ ኣብ ዓሌቶም ብዝተደረኸ ምኽንያት ብቐጥታ ወይ ብተዘዋዋሪ ብምንጻግ ክፍጸም ዝኽእል እዩ፡፡

## ነዚ ብንጹር ምፍላጥ ኣገዳሲ ዝኾነ ንምንታይ እዩ?

ግቡእ ዝኾነ መንበሪ ገዛ ምርካብ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰል እዩ ከምኡውን ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ ምሉእ ተሳትፎ ንምግባር ወይ ንምንጣፍ ክማላእ ዘለዎ ቐድመ ኩነት ወይ ረቛሒ እዩ፡፡

ኣብ ማልታ ብምኽንያት ዘርኢኹም ወይ ዓሌትኩም ኣፈላላይ እንተድኣ በጺሕኩም እዚ ተግባር ነቲ ሕጊ ዝጻባእ እዩ፡፡

ኣብ ቐረብ መንበሪ ገዛ ኣፈላላይ ዝገብር ተግባር ተጓንፎ ኣለኩምዶ?

ኣብ ቐረብ መንበሪ ገዛ ኣፈላላይ ዝገብር ተግባር ኣብነታት ከጠቓልሎም ዝኽእሉ:

- ከም ሕብሪ ቆርበት ወይ መቦቆሊ ዓሌትን ዝኣምሰሉ ዝኾኑ ኩነታት መሰረት ብምግባር መሰል ገዛ ክራይ ክትንጸጉ ከለኹም፡፡
- ከም ልዑል ዋጋ ክራይ ወይ ልዑል ዋጋ መሰረታዊ ኣገልግሎታት ዝኣምሰሉ ዝተፈለዩ ረቛሒታት ክግበረልኩም ከለዉ
- ካብ ኻልኦት ሰባት ዝተፈለየ ኣተሓሕዛ ክግበረልኩም ከሎ፤ ንኣብነት ናይ ጽሑፍ ስምምዕ፣ ቕብሊታት ወይ ኸዓ ቅዳሕ ሰነዳት ንምሃብ ዘይምድላይ
- ካብ ናይኹም ስምምዕ ወጻኢ ተወሳኺ ክፍሊታት ምሕታት
- መሰረት ኣልቦ ብዝኾኑ ክሲታት ግቡእ ንዘይኾኑ ካብ ገዛ ናይ ምብራር ስጉምቲ ምቕላዕ
- ኣፋዊ ወይ ኣካላዊ ጥቕዓት ምፍጻም ወይ ድማ ኣብ ልዕሌኹም ዘይግቡእ ብዝኾኑ ኻልኦት መገዲታት ተግባራት ምንሻው ምፍጻም

ኣደዳ ተግባራት ኣፈላላይ እየ ዝብል እምነት እንተሓሊዩኩም ንሰበ ስልጣናት ወይ ንሃገራዊ ኮሚሽን ንምውዕዋዕ ማዕርነት (NCPE) ሓሳብኩም ናይ ምዝራብ ወይ ኸዓ ጥርዓንኹም ናይ ምቕራብ መሰል ኣለኩም.



## መምርሒ ንተኻረይቲ

NCPE

ሃገራዊ ኮሚሽን ንመወዓውዒ ማዕርነት ኣድራሻ ጋታርድ ሃውስ፣ ናሽናል ሮድ፣ ብላታ ኣይ-ባጅዳ ኤችኤምኣር 9010፣ ማልታ (National Commission for the Promotion of Equality (NCPE) Gattard House, National Road, Blata l-Bajda HMR 9010, MALTA).
ቊጽሪ ተሌፎን: +356 2590 3850 ፋክስ: +356 2590 3851
ኢሜይል: equality@gov.mt Web: www.equality.gov.mt

I'm Not Racist, But...

ኣብ Facebook ተኸታተለና

እዚ ሕትመት ሓገዝ ዝግበረሉ ብሕብረት ኤውሮጳ ፕሮግራም ዕድል ስራሕን ማሕበራዊ ውሑስነትን - ምዕባለ (European Union Programme for Employment and Social Solidarity - PROGRESS (2007 - 2013) እዩ፡፡) እዚ ፕሮግራም ብኮሚሽን ኤውሮጳ ተግባራዊ ዝኾውን እዩ፡፡

The European Commission's anti-discrimination campaign

FOR DIVERSITY AGAINST DISCRIMINATION
www.stop-discrimination.info

እዚ ፕሮግራም ዝተጣየሸ ኣብ መዳይ ዕድል ስራሕ፣ ማሕበራዊ ዋኒናትን ኣብ ንጥፈት ማዕርነት ዕድላት ንግብራዊነትን ክውኑነትን ዕላማታት ሕብረት ኤውሮጳ ብገንዘብ ንምሕጋዝ ከምኡውን ኣብዚኦም መዳያትን ዋኒናትን ኤውሮጳ ኣብ 2020 ንዝወጠነቶም ስትራቴጂካዊ ዕላማታት ዕውትነት እዙዝ ኣበርክቶ ንምግባር ወይ እጃምኻ ንምውፋይ እዩ፡፡ ናይ ሸውዓተ ዓመት ፕሮግራም ዕላማን ሽቶን ጠመተ ዝገብር ኣብ መላእ ኣባል ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ (EU-27)፣ EFTAEEA ከምኡውን ኣብ ሕጹይ ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ ግቡእን ውጽኢታዊን ዝኾኑ ናይ ስራሕ ዕድልን ማሕበራዊ ሕጊታትን ፖሊሲታትን ንኸማዕብሉን ተግባራዊ ንክኾኑን ሓገዝ ክገብሩ ኣብ ዝኽእሉ ኩሎም ይግበኣኒ በሃልቲ ኣካላት እዩ፡፡ ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ መርበብ ሓበሬታ: http://ec.europa.eu/progress ተወከሱ

ኣብዚ ጽሁፍ ወይ ሕትመት ዝርከቡ ሓበሬታታት ናይ ኮሚሽን ኤውሮጳ መርገጽ ወይ ርእይቶ ዝውክሉ ወይ ዘርእዩ እዮም ማለት ኣይኮነን፡፡

## እንታይ ክትገብሩ ትኽእሉ?

ኣብ ዘርኢ ወይ ዓሌት ዝተመርኮሰ ኣፈላላይ ዝገብር ተግባር ተጓንፎ ኣለኒ ዝብል እምነት እንተሓሊዩኩም ጥርዓን ናይ ምቕራብ መሰል ኣለኩም፡፡

ን ሃገራዊ ኮሚሽን ንምውዕዋዕ ማዕርነት (NCPE) ክትወከሱ ትኽእሉ ኢኹም

ሃገራዊ ኮሚሽን ንምውዕዋዕ ማዕርነት (NCPE) ዝገብሮም ተግባራት:

- ጥርዓንኹም ምስማዕ
- ሓበሬታ ይህበኩም
- ክትገብሩዎ ዝግባእ ምሕባር
- ቅጥዒ ጥርዓን ኣብ ምምላእ ሓገዝ ይገብረልኩም
- ንጥርዓንኹም የጻርይ

## ኣደዳ ተግባራት ኣፈላላይ እየ ዝብል እምነት እንተሓሊዩኩም ንሰበ ስልጣናት ወይ ንሃገራዊ ኮሚሽን ንምውዕዋዕ ማዕርነት (NCPE) ሓሳብኩም ናይ ምዝራብ ወይ ኸዓ ጥርዓንኹም ናይ ምቕራብ መሰል ኣለኩም.

ብመሰረት ቊጽሪ ምልክታ ሕጊ 85/2007 ሕጊ ማልታ ዝመጽአ ምስ መምርሒ ማዕርነት ዘርኢ ቊጽሪ 2000/42 EC እዩ፡፡

እቲ ሕጋዊ ምልክታ ኣብ ቐረብ ሸቐጣትን ኣገልግሎታትን ዝፍጠር ካብ ዘርኢን ዓሌትን ዝምንጩ ኣፈላላይ ዘይሕጋዊነት ዝንጽር እዩ፡፡

## እዙይ እንታይ ማለት እዩ?

እዙይ ማለት ድማ ኣብ ማልታ ንሕብረተሰብ ብሓፈሻ ዝቐርቡ ሸቐጣትን ኣገልግሎታትን ንዝኾነ ሰብ ዘይፍቑድ ዝገብር ሕጊ ንምጽራር ጠጠው ዝበለ እዩ፡፡ እዙይ ኸዓ ንቐረብ መንበሪ ገዛ ዝሓውስ እዩ፡፡

ነዙይን ከምኡ ዝኣምሰለን ሕጊ ክጻብኡ ዝተረኸቡ ሰባት ናይ ገንዘብ ወይ ናይ እስራት ቕጽኣት ወይ ድማ ክልቲኦም ተጣሚሮም ከቕጽዑዎም ይኽእሉ እዮም፡፡ ንሶምውን ካሕሳ ናይ ምሕታት መሰል ኣለዎም፡፡

ሃገራዊ ኮሚሽን ንምውዕዋዕ ማዕርነት (NCPE) ዘርኢን ዓሌትን ሓዊሱ ኣብ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ተግባር ኣፈላላይ ዝሰርሕ ኣካል ማዕርነት ማልታ እዩ፡፡

ብዛዕባ ሃገራዊ ኮሚሽን ንምውዕዋዕ ማዕርነት፣ መምርሒ ማዕርነት ኮሚሽን ኤውሮጳ ቊጽሪ 2000/43/ EC ከምኡውን ንዘለኩም መሰላት እንታይነት ንዝያዳ ሓበሬታ ንሃገራዊ ኮሚሽን ንምውዕዋዕ ማዕርነት ነዚ ተወከሱ:
ገታርድ ሃውስ (Gattard House), ናሽናል ሮድ (National Road),
ብላታ-ባዣ ኤችኤምኣር 9010 (Blata l-Bajda HMR 9010)

ቊጽሪ ተሌፎን: 2590 3850. ፋክስ: 2590 3851. ኢሜይል: equality@gov.mt

## ኣነ ዓሌተኛ ኣይኮንኩን፥ ግን....

